# ደንቢ ሕግታት ኣብያተ ትምህርቲ ንላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ዞባ ቴሌማርክ

ሕጋዊ መሰረት፡ ብቤት ምኽሪ ዞባ ቴሌማርክ ብዕለት 10 ታሕሳስ 2024 ዝተመስረተ ኮይኑ፡ ኣብ ግብሪ ድማ ብመሰረት ሕጊ 9 ሰነ 2023 ቁጽሪ 30 ብዛዕባ ቀዳማይን ካልኣይን ደረጃ ትምህርቲ (ሕጊ ትምህርቲ) ብዓንቀጽ § 10-7. ኣብ መዓላ ይውዕል።

## § 1. ዕላማ

ዕላማ ሕግታት ቤት ትምህርቲ ኣብ ዞባዊ ምምሕዳር ቴሌማርክ:-

1. ኩሎም ተምሃሮ ህይወቶም ከማሓድሩን ኣብ ሕብረተ ሰብ፡ ኣብ ስራሕን፡ ማሕበረሰብን ክሳተፉ ንክኽእሉ ፍልጠት፣ ክእለትን ኣተሓሳስባን ከማዕብሉ ኣበርክቶ ምግባር።
2. ጽቡቕ ስርዓትን ባህርን ዘገብር ንጹር መሰረት ከም ዚህሉ ዘገብር ሕግታት ምግባር ፡ ከምኡ'ውን ውሑስን ጽቡቕን ናይ ትምህርቲ ሃዋህው ምቕራብ።
3. ብዛዕባ መሰላትን ግቡኣትን ተማሃሮ ሓበሬታ ምሃብ፡ ከምኡ'ውን ተማሃሮ ነቲ ሕጊ ክጥሕሱ ከለዉ፡ እንታይ እገዳን ማለት መቕጻዕትን ኣገባባዊ ሕግታትን ከምዝትግበር ምርዳእ።
4. ስርዓትን ባህርን ንምግምጋም፣ ሕጊ ምጥሓስ ምስ ዘጋጥም እገዳ ወይ ነቲ መቕጻዕቲ ንምትግባርን ንኹሎም ተምሃሮ ማዕረ ኣተሓሕዛ ንኽህልዎምን መምርሒ ምሃብ።

## § 2. ስፍሓት

ሕግታት ቤት ትምህርቲ ንኹሎም ተማሃሮ ኣብ መንግስታዊ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ዞባዊ ምምሕዳር ቴሌማርክ ንዘለዉ ይምልከት።

እቲ ሕግታት ኣብ ሰዓታት ትምህርቲ፡ ኣብ ቀጽሪ ቤት ትምህርቲ፡ ኣብ መንገዲ ቤት ትምህርቲ፡ ኣብ ቀረባ ከባቢ ቤት ትምህርቲ፡ ኣብ ዑደት፡ መገሻታት ቤት ትምህርቲ፡ ኣብቲ ብቤት ትምህርቲ ዝዳሎ ንጥፈታትን ፍጻሜታትን፡ ከምኡ'ውን ተማሃሮ ኣብቲ ዝግበር ልምምድ ስልጠና ኣብ ዝህልዉሉ እዋን ወይ ኣብ ኩባንያታት ሞያዊ ስልጠና (YFF) ክህልዎም ከሎ ይምልከት።

እቲ ሕጊ ካብ ቀጽሪ ቤት ትምህርቲ ወጻኢ፡ ኣብ መንገዲ ቤት ትምህርቲ፡ ካብ ሰዓታት ትምህርቲ ወጻኢ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዲጂታላዊ ቦታ ማለት ብመርበብ ሓበሬታ ንዝፍጸሙ ምጽራፍን፡ ምድሃልን፡ ምድንጻንን ካልእ በደልን' ውን ይምልከት። እቲ ምንዋሕ እቲ ተግባር ምስ ሃዋህው ቤት ትምህርቲ ንጹር ምትእስሳር ምስ ዝህልዎ እዩ እቲ ሕጊ ዝሰርሕ፣ እቲ ስጉምቲ ብኩነታት ቤት ትምህርቲ ዝተደፋፍአ ወይ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ምልክት ዘገብረሉ ኸባቢ ንጹር ምትእስሳር ምስ ዚህልወካ እቲ ስፍሓት ይዓዪ እዩ።

## § 3. ምውዳብ ናይ ቤት ትምህርቲ ዲሞክራሲ

እቲ ቤት ትምህርቲ ነፍሲ ወከፍ ተማሃራይ ብናጽነት ርእይቶ ናይ ምግላጽ ዘመቻችእን፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዲሞክራሲ ንኽሳተፍ ድማ የተባብዕ ። እቲ ቤት ትምህርቲ ንተማሃሮ ምስቲ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ዲሞክራሲ ኣብ ዝገብርዎ ስራሕ ክሕግዝ እዩ።

**ቤት ምኽሪ ተመሃሮ**
ኩለን ኣብ ዞባ ቴሌማርክ ዝርከባ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ብተማሃሮ ዝተመርጸ ቤት ምኽሪ ተማሃሮ ክህልወን ኣለዎ። እቶም ተምሃሮ ባዕሎም ንዓቕን ብዝሒ ናይቲ ቤት ምኽሪ ተመሃሮ ይውስኑ።

ቤት ምኽሪ ተመሃሮ ኣብ ኩሉ ንቤት ትምህርቲ ዝምልከት ጉዳያት ድምጺ ናይ ምዝራብ መሰል ዘለዎ ኣማኻሪ ኣካል እዩ። ቤት ምኽሪ ተመሃሮ ውሳነ ናይ ምሃብ ስልጣን የብሉን።
ቤት ምኽሪ ተምሃሮ፡ ከም ንመምሃሪ ዝኸውን ሃዋህው ምድላው፣ ንኹነታት ስራሕን ንሃለዋት ረብሓታት ተምሃሮን ዝጠቅም ስራሕ ይሰርሕ።

**ኮሚተ ቤት ትምህርቲ**
ኩለን ኣብ ዞባ ቴሌማርክ ዝርከባ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ከም ኣማኻሪ ኣካል ንርእሰ መምህር ማለት ዳይረክቶር ዝሰርሕ ኮሚተ ቤት ትምህርቲ ክህልወን ኣለዎ። ኮሚተ ቤት ትምህርቲ ኣብቲ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ዝምልከት ጉዳያት ርእይቶኡ ናይ ምግላጽ መሰል ኣለዎ።

ኮሚተ ቤት ትምህርቲ ነዚ ይመስል፡ ሓላፊ መምህር ማለት ዳይረክቶር ፣ ወከልቲ ተምሃሮ፣ ወከልቲ ሰራሕተኛታትን ካብ ወናኒ ቤት ትምህርቲ ዝመጽእ ወኪልን ዝሓቑፈ እዩ። እቶም ተምሃሮ ዝበዝሑ ዝሳተፉ ክኾኑ ይግባእ።

## § 4. ስርዓት

ተመሃሮ ኣብ ሰዓቶም ኪመጹ ጽቡቕ ናይ ስራሕ ልምድን ጽቡቕ ናይ ስራሕ ጻዕርን ክርእዩ ኣለዎም። ከምዚ ስዒቡ ዘሎ ክትገብር ጽቡቕ ልምዲ እዩ፤

1. ተዳሊኹም ምጹ ኣብቲ ስልጠና ትምህርቲ ብንቅሓት ተሳተፉ።
2. ነቲ ዝተመደበልካ ስራሕ ብዓቕምኻ ዝከኣለካ ኣብ ግዚኡ ምስራሕ።
3. ዝኾነ ይኹን ብከራት ምስ ዘጋጥም ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ንቤት ትምህርቲ ወይ ትካል (እቲ ልምምድ ስልጠና ትገብረሉ ቦታ) ምሕባር።
4. ብኩራት ምስ ዘጋጥም ኣገባብ ናይ ብኩራት ሰነድ ማለት ወረቅት ካብ ዝምልከቶ ኣካል ምምጻእ።
5. ኣድላዪ ዝኾነ መምሃሪ ናውትን መሳርሕታትን ምክትታልን ሒዝካ ምምጻእን።
6. ብዘይካ ምስ መምህር ተሰማሚዕካ ትገብሮ እንተዘይኮይኑ፡ ኣብ እዋን ትምህርቲ ሞባይልካ ድምጺ ከተጥፍእ ኣለካ ከምኡ ውን ጸጸኒሕካ ምእንቲ ከይትርእያ ኣርሒቕካ ኣቕምጣ።
7. ስርዓታት ድሕነትን ጥዕናን ምክትታልን ኣብ ስርዓተ ትምህርቲ ዘድልዩ ወይ ግዴታ ዝኾኑ ናይ ስራሕ ክዳውንትን መከላኸሊ መሳርሒታትን ምጥቃም።
8. ናይቲ ቤት ትምህርቲ/ ትካል ከባቢታትን ቤት መግብን ኣብ ትጥቀሙሉ እዋን ድሕሪኡ ንስኻ ዝተጠቀምካሉ ምጽራይ።

9. ከምቲ ኣብ ዓንቀጽ § 9-3 ዝተጠቕሰ ናይ ወናኒ ቤት ትምህርትን ናይቲ ቤት ትምህርትን ልሙድ መግለጺታት ተኸተል።

## § 5. ባህርያት

ተምሃሮ ኣብ ነንሕድሕዶም ብሓልዮትን ብትሕትናን ምግባር፣ ከምኡ እውን ሓፈሻዊ ሰናይ ስነ-ምግባር ብምርኣይ ፅቡቕ ናይ ቤት ትምህርቲ ሃዋህው ኣብ ምፍጣር ኣበርክቶ ክገብሩ ይግባእ።

ጽቡቕ ስነ-ምግባር ከምዚ ይመስል፤

1. ኣብ ናይ ምምሃር ሰዓታት ሰላምን ጽጥታን ንኸህሉ ኣበርክቶ ግበር።
2. መምርሒ መምህራንን ካልኦት ሰራሕተኛታትን ተኸተል።
3. ንብረት ቤት ትምህርትን ካልኦት ሰባትን ብሓላፍነታዊ ኣገባብ ምሓዝ።

እዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ዝስዕብ ኣይፍቀድን እዩ፤

1. ርኹስ ቋንቋ ምጥቃም፣ ንኻልኦት ብኣካል፣ ብቓላት ወይ ብዲጂታላዊ መንገዲ ምጽራፍ ወይ ምድሃል፣ ዓመጽ ምግባር ወይ ምፍርራሕ ኣይፍቀድን ኢዩ።
2. ካብ መምህር ኣቕዲሙ ፍቓድ ከይረኸበ ኣብ እዋን ትምህርቲ ሞባይል ወይ ካልእ ኤሌክትሮኒካዊ መሳርሒታት ምጥቃም ኣይፍቀድን ኢዩ።
3. ብዘይ ፍቓዶም ናይ ብጾት ተማሃሮ፡ መምህራን፡ ሰራሕተኛታት ወይ ካልኦት ስእልታት፡ ፊልም ወይ ድምጺ ምቅዳሕ ወይ ምጥቃም ኣይፍቀድን ኢዩ።
4. ብኣካል ወይ ብኤሌክትሮኒካዊ ኣገባብ ምውራድ ወይ ምዝርጋሕ፤ ስእሊ ግብረ ጾዩፍ፡ ዓሌታዊ ወይ ካልእ ኣጸያፊ ወይ ዘይሕጋዊ ጽሑፋት ኣይፍቀድን ኢዩ።
5. ኣብ ቤት ትምህርቲ ቁማር ምጽዋት ኣይፍቀድን ኢዩ።
6. ትምባኾ፣ ሽጋራ፣ ኤለክትሮኒካዊ ሽጋራ፣ ኣልኮላዊ መስተ፣ ዕጸ ፋርስ፣ ካልእ ዘስክሩ  ወይ ሃለዋት ዘጥፍኡ ወልፍታት  ኣይፍቀድን ኢዩ።
7. ሓደገኛ ነገራት ወይ ኣጽዋር ምሓዝ ኣይፍቀድን ኢዩ።
8. ካብ ካልኦት ምቅዳሕ ፡ ንኻልኦት ሓገዝ ብምሃብ ማለት ክቀድሑ ምግባር ወይ ዘይፍቀድ ሓገዛት ብምጥቃም ኣብ ፈተናታት ወይ ዕዮታት ምትላል ወይ ንምትላል ምፍታን ኣይፍቀድን ኢዩ።
9. ከም ናይ ባዕሉ ፍርያት ስራሕ ከቕርብ ወይ ከዳሉ ከሎ እሞ ኸኣ፡ እቶም  ጽሑፋትን፡ መልስን ካልእ ከምኡ ዝኣመሰለን ብኻልኦት ዝተዳለወ ኮይኑ፡ ካብ ኢንተርነት ዝወረዱ ጽሑፋትን መፍትሒታትን ሓዊስካ ኣይፍቀድን ኢዩ።
10. ኣብ ሰዓታት ምምሃር ምዝርራብ ወይ ምልላይ ዝዕንቅፍ ምሉእ ገጽካ ዝሽፍን ክዳን ምኽዳን ኣይፍቀድን ኢዩ።

እቲ ትካል (ናይ ልምምድ ቦታ) ናይ ገዛእ ርእሱ መምርሒታት ስርዓትን ባህርን እንተሃልይዎ ንዕኦም ክትገብሮም ኣለካ።

## § 6. ንሕግታት ቤት ትምህርቲ ምስ ዝጥሓስ ዝውሰዱ ስጉምትታት

ምዕራፍ 4ን ወይ 5ን ሕግታት ቤት ትምህርቲ ዝጥሕሱ ተማሃሮ እገዳ ማለት መቕጻዕቲ ክግበረሎም ይኽእል እዩ።

እገዳ ወይ እቲ መቕጻዕቲ ምስቲ ተማሃራይ ነቲ ሕጊ ምጥሓሱ ዝመጣጠን ክኸውን ኣለዎ፣ ጽንኩርነትን ምድግጋምን ኣብ ምርጫ እቲ መቕጻዕቲ ኣገደስቲ ረቛሒታት ክኾኑ ኣለዎም።

እቲ ተማሃራይ ነቲ ቤት ትምህርቲ ዝወሰዶ እገዳ ማለት እቲ መቕጻዕቲ ክኽተል ግዴታ ኣለዎ። ነቲ ዝተዋህቦ መቕጻዕቲ ዘይምኽባር ኣብ ዝፍጠረሉ እዋን ሓደስቲ እገዳታት ማለት መቕጻዕትታት ክውሰዱ ይኽእሉ እዮም።

ሓደ ተማሃራይ ብዝገበሮ ነገር ብሓባር ንሓደ ጉጅለ እገዳ ማለት መቕጻዕቲ ምግባር ኣይፍቀድን እዩ።

### § 6-1. *ሓፈሻዊ እገዳ ወይ መቕጻዕቲ*

ንሓደ ወይ ልዕሊኡ ጥሕሰት ሕግታት ቤት ትምህርቲ ሓፈሻዊ እገዳ ማለት መቕጻዕቲ ክግበር ይኽእል። እቲ እገዳ ማለት መቕጻዕቲ ነቲ ተማሃራይ ክሕበሮን ፡ ምኽንያታት መቕጻዒኡ ክምዝገብን ኣለዎ። እቲ ተማሃራይ ሓደ ወይ ልዕሊኡ ሓፈሻዊ እገዳታት ማለት መቕጻዕቲ ክወርዶ ይኽእል እዩ።

1. ብቃል ምዝራብ
2. ጽሑፋዊ ርእይቶ
3. ብስርዓት ወይ ጠባይ ዘይምግባር ምስ ዘጋጥም ናይ ሓደ ወቅቲ ናይ ትምህርቲ ምጉዳል ነጥቢ ይወሃብ
4. ነቲ ተማሃራይ መሳርሒታት ወይ ዕጸ ፋርስ ምኽላእ ወይ ምሕዳግ
5. ሞባይል ብዘይ ፍቓድ ብተደጋጋሚ እንተተጠቒምካ ንግዚኡ ክትውሰድ ትኽእል እያ።
6. ምስ ኣጠቓቕማ ሞባይል ዝተኣሳሰር ከቢድ ፍጻመ (ምዝርጋሕ ስእሊ፡ ምጽራፍ ወዘተ) ምስ ዘጋጥም፡ እታ ሞባይል ንግዚኡ ክትውሰድ ትኽእል እያ።
7. ዝተመደበ ዕማማት ምፍጻምን ወይ ድማ እቲ ተማሃራይ ዘስዓቦ ጉድኣት ምጽጋንን፣ ንኣብነት: ነገራት ንምሕጻብ፣ ንምጽራይን ወይ ንምእላይን።
8. ኣብ ቤት ትምህርቲ ወይ ካብ ቤት ትምህርቲ ወጻኢ ኣብ ዝግበር ኣኼባታት ክትሳተፉ ትእዛዝ ይህብ፣ ቅድሚ ወይ ድሕሪ ስሩዕ ሰዓታት ትምህርቲ፣ ንኣብነት። ኣኼባ ቤት ምኽሪ ግርጭት።
9. ውሱን ወይ ገደብ ምግባር ኣብ ኣገልግሎት መሳርሒታት:መጻገኒ ቦታ:ፍሉይ ክፍልታት።
10. ካብ ክፍሊ/ጉጅለ ንዝተረፈ ስልጠና፡ ከም ውሳነ መምህር ዝተውሰደ ኣብ ክልተ ሰዓታት ዝተሓጸረ፡ ምብራር ወይ ምስጓጉ።

### § 6-2. *ፍሉይ እገዳ ወይ መቕጻዕቲ*

ፍሉይ እገዳታት ወይ መቕጻዕቲ ውልቃዊ ውሳነታት ኮይኑ ድሕሪ ከቢድ ውልቃዊ ፍጻመታት ወይ ተደጋጋሚ ምጥሓስ ሕግታት ቤት ትምህርቲ ክግበር ይኽእል። ኣብነታት ከም ዓመጽ፡ ምግፋዕ፡ ኣጠቓቕማ ኣጽዋር ወይ ሓሸሽ፡ ምትላል፡ ምቅዳሕ ወይ ምብጫው ክኾኑ ይኽእሉ።

ፍሉይ እገዳታት ወይ መቕጻዕቲ ቅድሚ ምሕሳቡን ምውሳኑን፡ እቲ ተማሃራይ ብቃላት ንነብሱ ክገልጽ ዕድል ይወሃቦ። ርእሰ መምህር ማለት ዳይረክቶር ናይቲ ቤት ትምህርቲ ነቲ ተማሃራይ ናብዚ ዝርርብ ምስኡ ሰብ ከምጽእ ዕድል ክህቦ ይግባእ። ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ተማሃሮ ንወለዶም ኣብ ዝኾነ ኩነታት ክሕበሩ ኣለዎም።

ፍሉይ እገዳታት ወይ መቕጻዕቲ ዝወሃብ ብጽሑፍ ክኸውን ኣለዎ፣ ምኽኑይን ብዛዕባ መሰል ይግባይ ናይቲ ተማሃራይ ሓበሬታ ክህብን ኣለዎ። እቲ ተማሃራይ ብዛዕባ መሰላቱ ከም ሓደ ወገን ናይቲ ጉዳይ፡ ከምኡ'ውን ጥርዓን ብኸመይ ከም ዝቕጽል መምርሒ ክረክብ መሰል ኣለዎ።

ብዛዕባ ምስጓጉ ውሳነ ቕድሚ ምግባሩ ናይ ምሕጋዝ ስጉምትን ዝቐለለ መቕጻዕትን ኣብ ግምት ክኣቱ ኣለዎ ።

እቲ ተማሃራይ ሓደ ወይ ልዕሊኡ ፍሉይ እገዳ  ማለት መቕጻዕቲ  ክግበረሉ ይኽእል እዩ፤

1. ብስርዓት ወይ ጠባይ ዘይምግባር ምስ ዘጋጥም ናይ ሓደ ወቅቲ ናይ ትምህርቲ ምጉዳል ነጥቢ ይወሃብ
2. ድሕሪ ውሳነ ርእሰ መምህር ማለት ዳይረክቶር ነቲ ተማሃራይ ንዝተረፈ ናይ ትምህርቲ መዓልቲ ካብ ቤት ትምህርቲ፡፡ትካል (ናይ ልምምድ ቦታ) ምስጓግ።
3. ካብ ሓደ ምሉእ ናይ ትምህርቲ መዓልቲ ጀሚሩ ክሳብ ሓሙሽተ ናይ ትምህርቲ መዓልታት ድሕሪ ውሳነ ርእሰ መምህር ማለት ዳይረክቶር ነቲ ተማሃራይ ምስጓግ።
4. ድሕሪ ውሳነ ዞባዊ ምምሕዳር   ብመንገዲ ሓላፊ ትምህርቲ፡ ህዝባዊ ጥዕናን ጥዕና ስኒን ንዝተረፈ ናይ ትምህርቲ ምሉእ ዓመት ምስጓግ።
5. ምቕያር ቀጽሪ ቤት ትምህርቲ ናብ ኣማራጺ ናይ ስልጠና መምሃሪ፡ ድሕሪ ውሳነ ዞባዊ ምምሕዳር ብመንገዲ ሓላፊ ትምህርቲ፡ ህዝባዊ ጥዕናን ጥዕና ስኒን።

### *§ 6-3. ይግባይ ዝብል ኣካል*

ዞባዊ ቤት ምኽሪ ወይ ብቤት ምኽሪ ዞባ ዝተዋህበ ስልጣን ንውልቃዊ ውሳነታት ኣብ ፍሉይ እገዳታት ይግባይ ዝብል ኣካል እዩ፣ ክፍሊ jf § 6-2. ተመልከት።

## § 7. መሰል ተማሃሮ

### *§ 7-1. ውሑስን ጽቡቕን ናይ ትምህርቲ ሃዋህው*

ተምሃሮ ውሑስን ጽቡቕን ናይ ትምህርቲ ሃዋህው ክረኽቡ መሰል ኣለዎም።

እቲ ቤት ትምህርቲ ጽቡቕ ስነ-ኣእምሮኣዊ ማሕበራዊ ሃዋህው ንምድንፋዕ ብንጥፈትን ብስርዓትን ክሰርሕ ኢዩ፣ ነፍሲ ወከፍ ተማሃራይ ናይ ኣእምሮ ሰላም፣ ድሕነትን ማሕበራዊ ዋንነትን ክረክብ ኣለዎ።

እቲ ቤት ትምህርቲ ንኹም ምጽራፍ፡ ዓመጽ፡ ኣድልዎን ምግፋዕን ዝኣመሰሉ ግህሰት ዘለዎም ነገራት  ሽለል ኢሉ ኣይሓልፎን ኢዩ ከምኡ ድማ ተጻዋርነት የብሉን፡ ከምኡ'ውን ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ጉዳያት ንምሕላው ንጹር ልምድታት ክህልዎ ኣለዎ።

## § 7-2. *መሰል ተማሃሮ*

ተምሃሮ መሰል ኣለዎም:-

1. ብስነ-ስርዓትን ብኣኽብሮትን ብሓልዮትን ክተሓዙ ኣለዎም
2. ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ብመሰረት ሕጊ ትምህርቲ ምስ ደንብታት፣ እዋናዊ ስርዓተ ትምህርትን ውሳነታት ዘባዊ ምምሕዳር የጠቓልል።
3. ምስ ዓቕሞምን ኩነታቶምን ዝሰማማዕ ስልጠና ምሃብ
4. ንውሑስን ጽቡቕን ሃዋህው ቤት ትምህርቲ ኣብ ምውጣንን ምትግባርን ስራሕ ምስታፍ።
5. ዕላማታት እቲ ስልጠናን ኣብ ገምጋም ብቕዓት እንታይ ከም ዝስመረሉን ምፍላጥ።
6. ናይ ገዛእ ርእሰኻ ስራሕ፡ ናይ ገዛእ ርእስኻ ብቕዓትን ናይ ገዛእ ርእሰኻ ሞያዊ ምዕባለን ኣብ ምግምጋም ብንጥፈት ምስታፍ።
7. ኣብ መፋርቕን ናይ መወዳእታን ገምጋም ኣብ ትምህርቲ፡ ኣብ ኣርእስትታት ስርዓትን ጠባይን እተመርኰሰ። እቲ ቀጻሊ ገምጋም ብቐጻልን ብስርዓትን ክወሃብ ዘለዎን ብኣፋውን ብጽሑፍን ክኸውን ይኽእል።
8. እንተ ወሓደ ኣብ ሽዱሽተ ወርሒ ሓንሳእ ምስቲ ምስኡ ዝራኸብ መምህር ብዛዕባ ምዕባለ ምህርቲ ዝርርብ ምግባር ።እቲ ዝርርብ ኣብ ሰነድ ኪምዝገብ ኣለዎ።
9. ኣብ ድሌታትካ ዝተመርኮሰ ኣድላዪ ምኽሪ፡ ኣብ ውሽጢ ትምህርቲ፡ ናይ ስራሕን ሞያን ምርጫታት፡ ከምኡ'ውን ውልቃውን ማሕበራውን ዝምድናታት ምኽሪ ምውሳድ።
10. ብዘይ ዘይግቡእ ምድንጓይ ብጽሑፍ ክሕበር፣ እንተሃልዩ።
    ሀ. እቲ ተማሃራይ ኣብ መፋርቕ ዓመት ገምጋም ዘለዎም ትምህርትታት ነጥቢ ክረክብ ይኽእል ድዩ ወይስ ሓፈሻዊ ነጥቢ ክረክብ ይኽእል ድዩ ዝብል ጥርጣረታት ኣሎ።

    ለ. ምስ ናይ ፍርቂ ዓመት ገምጋም ወይ ሓፈሻዊ ነጥቢ ኣሳልጦ ብእተተሓሓዘ ስርዓት ወይ ጠባይ ናይ ምንካይ ነጥቢ ሓደጋ

11. እቲ ቤት ትምህርቲ ምስ ወለዲ ተማሃሮ ከም ዝተሓባበር

## § 7-3. *መሰል ምፍላጥ/ ሓበሬታ ምርካብ*

*ተማሃሮ ብመሰረት እዚ ምዕራፍ መሰላቶም ዘይምኽባር ዝኾነ ይኹን ውድቀት ናብ ቤት ትምህርቲ፣ ንሓላፊ ሕጊ ወይ ንቤት ምኽሪ ተምሃሮ ክሕብሩ ይግባእ።*

## § 7-4. *ገምጋም ስርዓትን ባህርን*

*ገምጋም ስርዓትን ባህርን ምስቲ ተማሃራይ ብመሰረት ሕግታት ቤት ትምህርቲ ዝሰርሓሉ ደረጃ ጥራይ ዝተኣሳሰር ክኸውን ኣለዎ፣ ከምኡ'ውን ካብ ገምጋም ብቕዓት ተማሃራይ ኣብ ትምህርቲ ተፈልዩ ክጸንሕ ይግባእ።*

## § 8. ግቡኣት ናይ ተማሃሮ

### *§ 8-1. ኣብ ትምህርቲ ዘይምህላውን ምምጻእን*

ተምሃሮ ኣብ እዋን ስልጠና ማለት ኣብ ናይ ምምሃር ግዜ ክህልዉ ኣለዎም ፡ ምስ ቤት ትምህርቲ ካልእ ስምምዕ እንተዘይሃልይዎም።

ኩሉ ብኩራት ብመዓልትን ብውልቃዊ ሰዓታትን ይምዝገብ።

ደንጉዮም ዝመጹ ተምሃሮ ኣብቲ ስልጠና ናይ ምስታፍ መሰል ኣለዎም።

- ስልጠና ምስ ተጀመረ ክሳብ 15 ደቃይቕ ብዘይ ዝተሰነደ ምኽንያት ምምጻእ ከም ደንጉዩ ዝመጸ ይምዝገብ።
- ስልጠና ምስ ተጀመረ ልዕሊ 15 ደቃይቕ ብዘይ ዝተሰነደ ምኽንያት ምምጻእ እውን ከም ዘይምህላው ማለት ከም ብኩራት ክምዝገብ እዩ።

እቲ ተማሃራይ ሕማም ወይ ካልእ ምኽንያት ም ዘጋጥሞ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፉ ነቲ ቤት ትምህርቲ/ኩባንያ (ናይ ልምምድ ቦታ) ክፍልጥ ኣለዎ። እዚ እቲ ተማሃራይ ካብቲ ስልጠና ብሰንኪ ሕማም ክወጽእ ምስ ዝግደድ እውን ክሕበር ኣለዎ። እንተ ድኣ ዘይሕሽዎ ማለት ብኩራት እንተቐጺሉ፡ እቲ ተማሃራይ ነቲ ቤት ትምህርቲ እንደገና ክሕብር ኣለዎ።

## § 9. ዝተፈላለዩ ውሳነታት

### *§ 9-1. ናይ ምትካእ ሓላፍነት*

እቲ ተማሃራይ ኣብ ንብረት ቤት ትምህርቲ ወይ ካልኦት ሰባት ብዝበጽሖ ጉድኣት ተሓታቲ ክኸውን ይኽእል።

### *§ 9-2. ዘቕጽዑ ኩነታት*

ዘቕጽዑ ኩነታት ምስ ዝፍጠር ኣብ ውሽጢ ስፍሓት ሕግታት ቤት ትምህርቲ ዝርከቡ መቕጻዕቲ ጉዳያት፡ ብዓንቀጽ § 2, ናብ ፖሊስ ክሕበር እዩ።

### *§ 9-3. ካልእ ልሙድ መግለጺታት*

ወናኒ ቤት ትምህርቲ ናይ ገዛእ ርእሱ ልሙድ መግለጺታት ኣዳልዩ ኣሎ፤

- ሕጊ ኣብ እውን መርመራ ወይ ፈተናታት
- ዑደት/መገሻታት ቤት ትምህርቲ
- ምሕደራ ብኩራት
- ምትላልን ምቅዳሕን
- ልማዳት – ወልፍታት ስኽራን

ነፍሲ ወከፍ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ንናይ ገዛእ ርእሱ ልሙድ መግለጺታት ከዳሉ ይኽእል እዩ፤

- መብለዒ ቦታ፡ ቤት መግቢ
- መዕሸጊ መካይን
- ኣጠቓቕማ መሳርሒታት/ወርክሾፕ/ፍሉይ ክፍሊ
- ጥዕና፣ ከባብን ድሕንነትን
- ዑደት/መገሻታት ቤት ትምህርቲ

## § 10. ኣብ ግብሪ ምውዓል

እዚ ሕጊ ካብ ዕለት 20.02.2025 ጀሚሩ ኣብ ግብሪ ይውዕል።